TIGRINYA

COMMISSIONER GENERAL FOR REFUGEES AND STATELESS PERSONS

# መምሪሒ ንመሰነይታ ዘይብሎም ሓተቲ ዑቕባ ቲሕቲ ዕድመ ቆልዑት ኣብ በልጂም





Towards a more integrated migration policy, made possible by the AMIF


.be

Responsible publisher:
Dirk Van den Bulck,
Commissioner General for Refugees
and Stateless Persons

This brochure was published with the support of AMIF, the European Asylum, Migration and Integration Fund.

It is available in English, French, Dutch, Arabic, Pashto, Dari, Fula, Somali, Tigrinya and Albanian.

These different language versions can be found on:

www.cgrs.be/en/publications

Version : February 2017

# ትሕዝቶ

ሰላምታ 4

መስርሕ ምሕታት ዑቕባ 6

1 አንታይ ዓይነት ኣህጉራዊ ዑቕባ ኣብ በልጂም ክትረክብ ትክእል? 8

ክልተ ዓይነት ዑቕባ 9

መን እዩ ስደተኛ? 10

እንታይ ማለት እዩ ሰብኣዊ ዑቕባ? 11

2 መለለዩ መንነትካን ምዝገባን ከም መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ 12

መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻአተኛ ኢኻ 13

ዕድመካ ክረኤ እዩ 14

ሞግዚት ክምደበልካ እዩ 15

ኣብ ናይ መቀበሊ መዓስከር ክትቕመጥ ኢኻ 16

እቲ ናይ ኢሚግረሺን ቤት ጽሕፈት ቃልካ ይወስድ

ከምኡዉን ፎርም ትመልእ 17

3 መስሪሕ ሕቶ ዑቕባ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ኮምሺን ንስደተኛታትን ሃገር ኣልቦ ሰባትን 18

ክኢላ ጠለብካ ይምርምር 19

ወሃቢ ዑቕባ ምሳካ ዝተማለኤ ቃለ መሕትት ይገብር 20

መርመራ ንጠለብ ሕቶካ ንዑቕባ 24

ውሳነ ኣብ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ 25

ኣሉታዊ: እንተ ደኣ CGRS ን ጠለብካ ነጺጉዎ ,

እንታይ እዩ እቲ ዝስዕብ? 26

ይግባይ ምባል ኣንጻር እቲ ኣሉታዊ ውሳነ 26

ኣወንታዊ: ከም ስደተኛ ቅቡል ትከውን 27

ከም ስደተኛ ምቕባል እንታይ ሳዕቤን የምጺእ? 27

ኣወንታዊ: ሰብኣዊ ዑቕባ ተዋሂቡካ 28

ናይ ሰብኣዊ ዑቕባ እንታይ ሳዕቤን የምጺእ? 28

መራኸቢ 30

# ሰላምታ

ዋላእኳ ኩሎም ቆልዑት ንሓደጋ ዝተቃልዑ እንተኮኑ፣ መሰነይታ ዘይብሎም ቆልዑት ዝበኣሱ እዮም። መብዛሕትኦም ድሕሪ ነዊሕ ኣጨናቒ ጕዕዞ ኣብ ዘይፈልጥዋ ሃገርን ባህልን ዑቕባ ይሓቱ፣ እዚ ከኣ መታን እቲ ናይ ዑቕባ መሕተቲኦም ጸገማት ብብሩህን ርዱእን መንገዲ ንከይገልጹ ይገብሮም።

በዚ ምኽንያት ከኣ CGRS ፧ ፍሉይ መስሪሕ ምምርማር ጠለብ ሕቶ ዑቕባ ንመሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ የካይድ ።

ንስካ መሰነይታ ዘይብሉ ፧ ኣብ በልጂም ዑቕባ ትሓትት ዘሎካ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ኢካ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ እቶም ኣብ መስርሕ ዑቕባ ክትገብሮም ዘለውካ  ነጥቢ ብ ነጥቢ ትሕብረካ። ዑቕባ ኣብ ትሓተሉ እዋን ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሺን፣ እዛ መጽሓፍ ንኩሎም  መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑት ትወሃብ።

**ንተወሳኺ ሓበሬታ**

ጽማቕ ናይቶም ቀንዲ ነጥብታት ናይዛ መጽሓፍ ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝስዕብ ተወከስ:
[www.cgrs.be/en/asylum/children-asylum-procedure](www.cgrs.be/en/asylum/children-asylum-procedure)

ኣብ መርበብ ሓበረታ CGRS, ብዛዕባ መስርሕ ሕቶ ዑቕባ ኣብ በልጂም ተወሳኺ ኣዚዩ ብዙሕ ሓቤረታ ክትረክብ ትክእል.




እዛ ቀጠልያ ባሎን ነቶም ናይ ብሓቂ ክዝክሮም ዘሎካ ነገራት ተርኢ.
እዛ ሰመያዊት ባሎን ናብቶም ኣገደስቲ መርበብ እንተርነት ትወስድ.

# መስርሕ ዑቕባ




ውሳኔ
ቅቡል ስደተኛ
ሰብኣዊ ዑቕባ
ደገባይ

1

# አንታይ ዓይነት ኣህጉራዊ ዑቅባ ክትረክብ ትክእል ኣብ በልጅም ?



# ክልተ ዓይነት ዑቅባ ?

ብሰንኪ ኣብ ሃገርካ ወይ ውን ትነብረላ ዝነበርካ ሃገር ዝነበረካ ጽገማት ወይ ብሰንኪ ንከየጋጥሙካ ትፈርሖም ጽገማት፣ኣሞ ከኣ፣ ብሰንኪ እዞም ጽገማት እዚኣቶም ንሃገርካ ወይ ትነብረላ ዝነበርካ ሃገር ክምለስ ኣይክእልን ኢልካ ብምእማን፣ ንስካ ኣብ በልጂም ዑቅባ ሓቲትካ። እዚ ማለት ከኣ ንመንግስቲ በልጂም ክዕቅቡካ ትሓቶም ኣሎካ ማለት እዩ። በልጂም ክልተ ዓይነት ዑቅባ ትህብ፣ ናይ ስደተኛ ዑቅባ ከምኡውን ሰብኣዊ ዑቅባ።





# መን እዩ ስደተኛ?

በልጂም ንውዑል ጀነቫ ወይ ውዑል ስደተኛ ፈሪማ እያ። እዚ ኣህጉራዊ ውዑል ንበልጂም የገድዳ መታን ነቶም ኣብ ሃገርም ይኩን ዝቕመጡላ ዝነበሩ ሃገር ተጸለይቲ ዝነበሩ/ዝኮኑ ሰባት ዑቕባ ክትህብ። ብዝተፈላለየ ምክኒያት ተጸላዩ ክትከውን ትክአል፣:

- ብሰንክ ፖሊቲካዊ ሪኢቶካ ወይ ናይ ስድራካ
- ብሰንኪ ሃይማኖትካ
- ብሰንኪ ዓለትካ/ ዘርእካ
- ብሰንኪ ዜግነትካ
- ብሰንኪ ኣባልነትካ ኣብ 'ፍሉይ ማሕበራዊ ማሕበር '. A "'ፍሉይ ማሕበራዊ ማሕበር'ማለት፣ ሓደ ጉጂለ ናይ ሰባት እሞ ከኣ ሓደ ክቕይርዎ ዘይክአሉ ሓባራዊ ጠባይ ዘለዎም። ብስንኪ እዚ ሓባራዊ ጠባይ እንተደኣ ብመብዛሕቲኦም ኣህዛብ ሃገርካ ወይውን ብመንግስቲ፣ ተጸላዩ ምስትከውን ወይ ብሕማቅ ምስ ትርኤ። ኣብነት ናይ ከምዚ ዓይነት ጽገማት፣ ግብረ-ሰዶምነት/Homosexual."

እንተ ደኣ ካብ ሃገርካ ብሰንኪ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጽገማት ወጺእካ፣ ኣብ በልጂም ዑቕባ ክወሃበካ ይከኣል።



# ኣንታይ ማለት እዩ ሰብኣዊ ዑቕባ?

ብሰንኪ ኩነታትካ ኣንተደኣ ከም ስደትኛ ዘይተቀበሉካ፣ ሰብኣዊ ዑቕባ ይግበኣካ እንተኾይኑ ንምፍላጥ CGRS ጉዳይካ ክምርምር እዩ።

CGRS ሰብኣዊ ዑቕባ ይህበካ ኣንተደኣ ኣብ ሃገርካ፣ ናይ ብሓቂ ሩኡይ ጉድኣት ኣብ ልዕለካ ክወርድ ተክእሎ ሃልዩ። ርኡይ ጉድኣት፣ ነዞም ዝስዕቡ የጠቃልል፣

- ናይ ሞት ፍርዲ ወይ መቅተልቲ
- ምግፋዕ፣ ዘይሰብኣዊን ኣሕሳሪን ኣተሓሕዛ
- ብስንኪ ውግእ ሩኡይ ሃደጋ ኣብ ልዕሊ ሂወትካ ምስ ዝህሉ

## 2

# መንነትካ መለለዩን ምዝገባን ክም መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ ቆልዓ



# ንስካ መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ ቆልዓ ኢካ

- ትሕቲ 18 ምስ ትከውን
- አንተ ደኣ ኣብ በልጂም ብዘይ ወለድካ ወይ ውን ሕጋዊ ሞግዚት ትቅመጥ ሃሊካ
- አንተ ደኣ ካብ ኣውሮፓዊ ሕብረት ወጻኢ ዝኮነት ሃገር መጺእካ
- አንተ ደኣ ኣብ በልጁም ዑቅባ ሓቲትካ ወይ ብዘይ መምበሪ ፍቃድ ትቅመጥ ሃሊካ።.

ባዕሊካ ወይ ውን ብሓገዝ ሞግዚት ዑቅባ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግርሺን ወይ ኣብ ዶብ ክትሓትት ትከል። አንተ ደኣ ንበይንካ ኮይንካ፣ ቤት ጽሕፈት ኢሚግርሺን ንቤት ጽሕፈት ሞግዚት ናትካ ህላወ ክሕብር አዩ።

ቤት ጽሕፈት ኢሚግርሺን ምሳካ ኮይኑ ነቲ ዝምላአ ፎርም ይመሊአ፣ አዚ ከኣ መታን ቤት ጽሕፈት ኢሚግርሺን ንቤት ጽሕፈት ሞግዚት ንስካ ንበይንካ ናብ በልጁም ክም ዝመጻእካ ንምሕባር አዩ። ቤት ጽሕፈት ሞግዚት ከኣ መሰላትካ ተሓሊዮም ምህላዎም የረጋግጽ፣ ምክኒያቱ ንስካ ክም ቆልዓ ወይ ትሕቲ ዕድመ መጠን ፍሉይ ዑቅባ ስለዘድልየካ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ

ንተወሳኪ ሓበረታ
አንተ ደሊካ፣ ናብ ሃገርካ ጠቅሊልካ ንክትምለስ ክትመርጽ ትክአል ዋላ ውን ዑቅባ ሓቲትካ አንተ ጸኒሕካ። ናይ መምለሲ መዳለዊ ሓገዛት አንኮላይ ኣብ አዋን ጉዞካ ክትረክብ ትክአል። ብዛዕባ ድልየትካ ንምምላስ ምስ ሞግዚት ናትካ ወይውን ማሕበራውያን ተሓጋገዝትካ ክትዘራረብ ትክአል። ተወሳኪ ሓበረታ ኣብዚ መርበብ ክትረክብ ትክአል፣ **www.voluntaryreturn.be**

መንነትካ መለለዪን ምዝገባን ክም መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ ቆልዓ

# ዕድመ ናትካ ክረኤ አዩ




አንተ ደኣ ዝኮነ ጥርጣረ ሃሊዩ ብዛዕባ ዕድመካ፣ አቲ ዝምልከቶ ኣካል ናይ ዕድመ መርመራ የካይድ። ኣቲ ሕክምናዊ መርመራ፣ ናይ ኣፍልብካ ራጂ፣ ናይ ሞንኮብ ዓጽሚን ኣስናንካን የጠቃልል። በቲ ራጂ፣ ገምጋም ናይ ዕድመካ ይውሰድ። አንተ ደኣ ዘይተሰማሚዕካ በቲ ዝተዋሃበ ገምጋም፣ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ፣ ኣብ ቤት ጺሕፈት Council of State ብሓገዝ ናይ ጠበቃ ናትካ ይግባይ ክትሓትት ትክአል ። አንተ ደኣ ቤት ጽሕፈት ሞግዚት፣ ብመሰረት አቲ ናይ ዕድመ መርመራ ትሕቲ ዕድመ ኣይኮንካን ኢሉ ወሲኑ፣ ናይ ሞግዚት ሓገዝ ኣይትረክብን ከምኡውን ከምሊዕሊ ዕድመ ትቁጸር።

# ሞግዚት ክምዲበልካ እዩ



ነተን ኣብ በልጁም ትጸንሓለን አዋን (ክሳብ 18 ዓመት ትመሊአ) አቲ ሞግዚት ሕጋዊ ወኪል ናትካ ይከወን ። አቲ ሞግዚትነት፣ መበል 18 ዓመትካ ክተብዕል ከለካ ወይ ወለዲካ ወይ ክኣ አቲ ሕጋዊ ወኪል ናትካ ናብ በልጁም ምስ ዝመጽአ የቃሪጽ። አቲ ሞግዚት ኣብ አዋን ቃለ መሕተት ዝተሓጋገዘካ ጠበቃ የምጸኣልካ። ንሱ ወይ ንሳ፣ መሰላትካ ኣብ በልጁም ሕልዋት ምዃኖም የረጋግጽ፣ ን ኣብነት፣ ትምህርቲ ክምትመሃር ይገብር፣ ወረቃቅትካ ብግቡአ ከምዘለዉ የረጋግጽ ወ.ዘ.ተ። ንሱ ኣብቲ ምድላዋት ጠለብ ዑቅባ ክተሓባበረካ እዩ፣ አንተይ ዓይነት ነገራት ክጽበ ክምዘለካን ዘይብልካን ክገልጸልካ እዩ። ኣብቲ ቃለ መሕተት ትገብረሉ አዋን ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሺንን ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ኮምሺን ንስደተኛታትን ሃገር ኣልቦም ሰባትን (CGRS) ፣ አቲ ሞግዚት ናትካ ምሳካ ክህሉ እዩ ። ንሱ ወይ ንሳ፣ አቲ ሓታቲ መሰላትካ ይሕልወልካ ምህላዉን ዘይምህላዉን የረጋግጽ። ኣብቲ አዋን ቃለ መሕተት፣ አንተ ደሊዩ፣ አቲ ሞግዚት ናትካ ኣብ ሞንጎ ብምአታው ተወሳኪ ሓበረታ ብዛዕባ ኩነታትካ ክህብ ይክአል።

# ኣብ ናይ መቀበሊ መዓስከር ትቕመጥ




ምቕባል ናይ ኩሎም ኣብ በልጁም ዑቕባ ዝሓቱ ሰባት ሓላፍነት ናይ Fedasil እዩ። እዚ ማለት ከኣ ምቕባል መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑት Fedasil እዩ ተሓታቲ ። ኣንተ ደኣ ቤተሰብ ኣብ በልጁም ኣሎውካ ኮይኖም፣ ምስኦም ክትቕመጥ ክትመርጽ ትክእል።

ኣብ መቀበሊ መዓስከር ምስ ድልየታትካ ዝከይድ ካብ ልዕሊ ዕድመ ዝተፈልየ መቐመጢ ቦታ ክወሃበካ እዩ። እቲ መቀበሊ መዓስከር ናይ Fedasil ን መተሓባብርቱን (ክም በዓል ቀይሕ መስቀል) ኩሉ "ኩፉት ቦታ" እዩ። እዚ ማለት ከኣ፣ ክም ድልየትካ ክትወጽእን ክትኣቱን ትክእል ኣንተ ደኣ ሕግታት መዓስከር ተኽብር ኴንካ።

ኣብ እዋንቲ መስርሕ ዑቕባ፣ ኣብ መቀበሊ መዓስከር ክትጽንሕ ኢኩ። ኣንተ መልሲ ካይተዋሃበካ 18 ዓመት መሊኣካ፣ ናብ ናይ ሊዕሊ ዕድመ መቀበሊ መዓስከር ትመሓላለፍ። ትሕቲ ዕድመ ማለት ናብ ትምህርቲ ክትከይድ ኣሎካ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ትምዝገብ። ክምኡውን ዋላ ምስ ቤተሰብካ ኣንተ ትቕመጥ ሃሊካ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ኣሎካ።

# እቲ ናይ ኢሚግረሺን ቤት ጽሕፈት ቃልካ ይወስድ ከምኡዉን ፎርም ትመሊእ

ናይ ኢሚግረሺን ቤት ጽሕፈት ንዓካን እቲ ሞግዚት ናትካን ብሓንሳብ ይዕድመኩም ::

ብመጀመርታ እቲ ናይ ኢሚግረሺን ሰራሕተኛ ናትካ **ውልቃዊ ሓበረታ** ይምዝግብ።

ድሕሪኡ ዕድል ክወሃበካ እዩ ኣብ ሓጺር **ቃለ መሕተት** ስለምንታይ ከም ዝወጻእካ ክትገሊጽ። ነቲ ናይ ኢሚግረሺን ሰራሕተኛ **ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ከም ዝወጻእካ** ከምኡውን ስለምንታይ ክትምለስ ከምዘይትከል ወይ ትደሊ ንገሮ።እቲ ቃለ መሕተት ብመሰረት ናይ መወከሲ ሕቶታት ፎርም ይከውን። ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ብሩህ ሓበሬታ ብዛዕባ ኩነታትካን ድሕረ ባይታካን ክትህብ።እዚ ማለት ከኣ፣ ምሉእን ቅኑዕን ሓብረታ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ምሃብ እዩ፣

- መንነትካን ዘግነትካን
- እቶም ትቕመጠሎም ዝነበርካ ቦታታት
- ኣባላት ስድራቤትካ፣ እቲ ዝቕመጡሉ ዝነበሩን ዘለውን ቦታታትን
- ጉዕዞካ ናብ በልጁም
- ኩሎም እቶም ምኽንያታት ካብ ሃገርካ ዘውጹኡካን

እንተ ደኣ ቛንቋ ፍራንስ ወይ ነዘርላንድ ዘይትዛረብ ኮንካ፣ ቶርጋማይ ክሕግዘካ እዩ። እቲ ቶርጋማይ ኩሉ ንሳካን እቲ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛን ትብሉዎ ክቱርጉም እዩ።

እቲ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛን ቶርጋማይን ብሞያዊ ምስጢር ተሓተቲ እዮ**ም። እዚ ማለት ከኣ ካብ ትህቦ ሓበረታ ኣብ እዋን ጠለብ ዑቕባ ንሳሊሳይ ኣካል ወይ ውን ስበስልጣን ሃገርካ ኣየመሓላሉፉን እዮም።** ድሕሪ እዚ ቃለ መጠየቅ፣ ቤት ጺሕፈት ኢሚግረሺን ናይ ዑቕባ ጠለብካ ናብ CGRS ከመሓላልፉዎ እዮም።

# 3

# መስሪሕ ናይ ዑቕባ ጠለብካ ኣብ ቤት ጺሕፈት ሓፈሻዊ ኮምሚሽን ንስደተኛታትን ሃገር ኣልቦም ሰባትን



# ኪኢላ ጠለብካ ይምርምር



ኣቲ CGRS ናይ መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑት ትምርምር ጉጂለ ኪኢላታት **ናይ ዑቅባ ሰራሕተኛታት** ኣሎዉዎ። ንጠለብካ ዝምርምር ኣቲ ናይ ዑቅባ ሰራሕተኛ እዩ ። ንሳ ወይ ንሱ ኣዝዩም ዝሰልጠኑ ኪኢላታት እዮም ከምኡውን ናይ ንቀልዑት ቃለ መሕተት ምግባር ስልጠና ዝወሰዱ እዮም። ንሱ ወይ ንሳ ነቲ ቃለ መሕተት ምስ ዕድመካ፣ ደረጃ ትምህርትካን ፍሉይ ኩነታትካን **ክም ዝከይድ ይገብሩ።** ኣድላይ እንተ ኮይኑ፣ ኣቲ ናይ ዑቅባ ሰራሕተኛ ተወሰክቲ መሳሪሒታት ከም ስእሊን ምስኣልን ዝኣምመሰሉ ኣብ እዋን ኣቲ ቃለ መሕተት ክጥቀም ይክአል መታን ብምሉኡን ብግቡእ ዛንታካ ክትነግር።

ንጠለብካ ወሳነ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ዘለዎም ኣቲ ሓፈሻዊ ኮሚሺን ንስደተኛታትን ሃገር ኣልቦም ሰባትን ወይከኣ ተሓጋገዝቱን እዮም ።

# ኣቲ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛ ዝተማለኤ ቃለ መሕተት ምሳካ የካይድ

ሓንሳብ ኣቲ CGRS ፋይል ናትካ ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሺን ምስ ተቀበለ፣ ቃለ መሕተት ንምግባር ንዓካ ናብ CGRS ይዕድመካ። ከም ኡውን ኣቲ ሞግዚት ናትካን ጠበቃካን ዕድመ ናብቲ ቃለመጠየቅ ይቅበሉ።

**ቀንዲ ክፋል ናይ መስርሕ ሕቶ ዑቕባ** ኣቲ ቃለመጠየቅ እዩ። ኣብ ጊዜ ናይቲ ቃለመጠየቅ፣ ዕድል ክወሃበካ እዩ ሰለንታይ ዑቕባ ኣብ በልጁም ትሓትት ከምዘሎካ ንምግላጽ።

ዕለትን መዓልትን ስዓትን ኣትሕብር ናይ ቃለመጠየቅ መጸዋዕታ ደብዳቤ ክትቅበል ኢካ። ንስካን ኣቲ ሞግዚት ናትካን ኣብቲ ቃለመጠየቅ **ብኣካል ክትርከቡ** ኣሎኩም። ኣንተ ብዝኮነ ምክንያት (ንኣብነት ብሕማም ምክንያት) ኣብቲ ቃለመጠየቅ ክትቀርብ ዘይከኣልካ፣ ኣቲ ሞግዚት ናትካ ንCGRS ክሕብር ኣሎዎ። ኣዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ካብታ ዝተመድበት ዕለት ንቃለመጠየቅ ክገብሮ ኣሎዎ። ናይ ዘይመምጺኢካ ምክንያት መርቶዖ ክተቀርብ ኣሎካ፣ ድሕሪኡ ሓዲሽ መጸዋዕታ ንቃለመጠየቅ ትቅበል።

ኣቲ ሞግዚት ናትካን ጠበቃካን ምሳካ ኮይኖም ነቲ ቃለመጠየቅ ከዳሉዉካ እዮም። **ቅድሚ ናብቲ ቃሌጠየቅ ምቅራብካ፣ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ኣንተደኣ ኪልካ ሓበርታን ወረቃቅትን ብዛዕባ ዕድመካ፣ መንነትካ፣ ጉዕዞካ፣ ምክንያት ዑቕባ መሕተቲካን፣ ኣድላይ ኣንተኮይኑ ከምኡውን ኣንተ ተካኢሉ ናይ ነባርነት ወረቃቅቲ ናይ ኣባላት ስድራቤትካ ምሓዝን ምድላዋት ምግባርን።** ኣዞም ነጥብታት ኣዚኣቶም ንCGRS የድሊዩዎ እዮም መታን ነቲ ጠለብ ዑቕባካ ብቁልጡፍን ጹጹይን መንገዲ ክምርምር። ነዚ ንምግባር ኣቲ ሞግዚት ናትካን ጠበቃካን ክሕጉዙካ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ቃለመጠየቅ ኣብ CGRS ኮይኑ ኣብ ብፍሉይ ንትሕቲ ዕድመ ቆልዑት ዝጥዕም ክፍሊ ክካየድ እዩ።




እንተ ደኣ ነዘርላንድ ወይ ከኣ ፍራንስ ዘይትዛረብ ኮንካ፣ ቶርጋማይ **ክቱርጕመልካ** እዩ። ናይቲ ቶርጋማይ ስራሕ ንዓካን ነቲ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛ ነንሕድሕድኩም ብጕቡእ ከምትረዳድኡ ምግባር እዩ። ኣብቲ መስርሕ መርመራ ጠለብ ሕቶ ዑቕባ ብዝኾነ መንገዲ እቲ ቶርጋማይ ኣይሳተፍን። ልክዕ ከም ኣብ ቤት ጺሕፈት ኢሚግረሺን ኣብዚ ውን እቲ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛ ይኩን እቲ ቶርጋማይ **ብሞያዊ ምስጢር ምዕቃብ** ዝተቀየዱ እዮም።

A **እትኣምኖ ሰብ** ኣብ እዋን እቲ ቃለ መሕተት ምሳካ ክካየድ ይክእል። እዚ ሰብ እዚ ትኣምኖ ኮይኑ፣ ብሞያዊ መንገዲ ምሳካ ዝሰርሕ ከም (ናይ ስነ ኣእምሮ፣መምህር፣ማሕበራዊ ተሓጋጋዚ ውዘተ ..) ክከውን ይክእል።

መስርሒ ናይ ዑቅባ ጠለብካ ኣብ ቤት ጺሕፈት ሓፈሻዊ ከምሚሺን ንስደተኛታትን ሃገር ኣልቦም ሰባትን

አንታይ
ይዝክር?

## አንታይ ክትጽበ ኣሎካ ኣብ ናይ CGRS ቃለ መሕተት?

ሓላፊ ናይቲ ቃለ መጠየቅ እቲ ናይ ዑቅባ ሰራሕተኛ እዩ ፣ ንዑኡ ወይ ንዓኣ ጥራሕ ክትሰምዕ ኣሎካ።

ኣብ ግዘ እቲ ቃለ መሕተት፣ እቲ ናይ ዑቅባ ሓላፊ **ሕቶታት** ክሓተካ እዩ። ኩሉ ትፈልጦ ዘበለ ብዛዕባ ነብስካ፣ ጸገማትካ፣ ጸገማት ናባካ ቀርበት ዘሎዎም ሰባትን ንገሮ። ንሱ ብዛዕባ ወርቃቅትካን ጉዕዞካን ናብ በልጁም ውን ክሓተካ እዩ።

ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ነቲ ሓታታይ ክትሕብር አንተ ደኣ ነታ ሕቶ ዘይተረዲእካያ ወይውን ካሊእ ዝኮነ ጽገም ሃሊዩካ ። አዚ ማለት ከኣ መታን እቲ ሓታቲ ገጋታት **ነምውጋድን ነታ** ሕቶ ብካልእ መንገዲ ምሕታትን እዩ።

አንተ ደኣ **መልሲ ናይታ ሕቶ ዘይትፈልጣ ኮንካ**፣ ኣይፈልጣን አየ በል። **መልሲ አይትምሃዝ**። ዝኣክለካ ግዘ ወሲድካ አንታይ ከትብል ክምዘለካ ሕሰብ።

**ሓቀኛ ኩን ከምኡውን ትፈልጦ ንገር።**

እቲ ቃለ መሕተት ነዊሕ ስዓታት ክወስድ ስለዝክአል፣ **ዕረፍቲ ክህሉ ትጽቢት** ኣሎ። አንተ ዕረፍቲ አድሊዩካ ግን፣ ሕተት።

ኣብ ሞንጎ እቲ ቃለ መሕተት እቲ **ሞግዚት ሪኢቶኡ ክህብ** ይክአል ።

ድሕሪ እቲ ቃለ መሕተት  ሓበረታ ወይ ወን ወረቃቅቲ ክትውስክ ትክአል። ብዛዕባዚ እቲ ሞግዚት ናትካ ወይ ጠበቃካ ክሕግዙካ ይክኡሉ እዮም።

አንታይ ይዝክር?

## አቲ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛ አንታይ ይጽበ ካባካ ኣብ ጊዜ አቲ ቃለ መሕተት?

መታን ንጠለብ ሕቶ ዑቕባካ ውሳነ ንምሃብ፣ CGRS አኩል ሓበረታ የድሊዩ፣ ንስካ ከኣ ብሕጊ መሰረት ብግቡእ ክትተሓባበር ኣሎካ።

አቲ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛ አዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ካባካ ክጺበ አዩ፣:

- **ሓቂ ተዛረብ. ቁኑዕ** መልሲ ሃብ፣ ብዘተካኣልካ መጠን አኩል ሓበረታ ሃብ።
- አንተ ተካኢሉ ናይዞም ዝስዕቡ ወረቓቕቲ አርኢ።
  - ዕድመካ
  - መንነትካ
  - ዜግነትካ
  - ድሕረ ባይታካ
  - ናይ ሕጂን ቀደሚን ትነብረሎም ዘሎካን ዝነበርካን ቦታታት አንኮላይ ናይ ኣባላት ስድራካ
  - ጉዕዞካ ናብ በልጁም
  - ዝነበርካ ጽገም ኣብ ሃገርካ

አንተ ደኣ CGRS፣ ሓሶት ክም ዝተዛረብካ ወይ ውን ዝይቁኑዕ ሓበረታ ሂብካ ፈሊጡ ውይ ዝይሓቀኛ ወረቓቕቲ ሂብካ፣ **ጠለብካ** ንዑቕባ ይንጸግ። አንተ ደኣ CGRS ነዚ ድሕሪ ናይ ኣህጉራዊ ዑቕባ ወረቀት ምሃቡ ፈሊጡ፣ አቲ ዝሃበካ ወረቀት ይወስደልካ። አዚ ከኣ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይክአል ነቶም ብጥርናፈ ስድራቤት ዝመጹ ኣባላት ስድራካ።

አንተ ደኣ **ግቡእ ሓበረታ** ብዛዕባ ኩነታትካ ዘይሃብካ ወይውን መብሪሂ ዘይሃብካ ስለምንታይ ክትህብ ዘይከኣልካ ፣ አቲ CGRS ግቡአ መጽናዕት ብዛዕባ ፍርሕካ ክገብር አይክአልን፣ አዚ ማለት ከኣ ኣሉታዊ መልሲ ንጠለብ ሕቶ ዑቕባካ ከስዕብ ይክአል።

# መርመራ ንጠለብ ሕቶ ዑቕባካ

ድሕሪ እቲ ቃለ መሕተት እቲ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛ ነቲ ናይ ዑቕባ **ጠለብ** ይምርምር። ንዑኡ ንምግባር ከኣ፣ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ይርኢ።

- ተኣማንነት ናይቲ ናይ ዑቕባ ዛንታኻ
- ዘቕረብካዮም ወረቓቕትን ካልእን ንናይ ዑቕባ ዛንታኻ ዝድግፉ መርቶዖታትን
- ሓፈሻዊ ኩነታት ናይ ሃገርካ ወይ ትቕመጠሉ ዝነበርካን
- ውልቃዊ ዛንታኻ። CGRS ንኩሉ ጠለብ ዑቕባ ሓደ ብ ሓድ ይምርምር፣ ዛንታኻ መሰረት ዘሎዎ ዲዩ ኣይኮነን ከምኡውን ዘለካ ፍርሒ እንተ ተመሊስካ ይግምግም።

CGRS ዕድመካ፣ ብስለትካ፣ ደረጃ ትምህርትካን ካልኦት ፍሉያት ነጥብታት ውን ኣብ ግምት ይእቱ።

እቲ **ዝበለጸ ራብሓ ነይቲ ቆልዓን ተቓላዕነቱን ንሓደጋ** ካብቶም ኣገደስቲ ነጥብታት ኣብ እዋን መርመራ ጠላብ ዑቕባ እዮም። ቆልዑት ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ነገራት ከም ዓበይቲ አይርእዩዎምን፣ ንፍጻመታት ብዓይኒ ቆልዑነት ይቱርጉሙዎ፣ ስለዝኮነ ከኣ CGRS ነጹር መልሲ ንኩሉ ሕቶ ክትህብ ካባኻ ኣይጽበን እዩ።

ኣድላይን ዝከኣል እንተ ኮይኑ CGRS **ምስክር** ኣብቲ ቃለ መሕተት ክጺውዕ ይክእል፣ ንኣብነት (ከም ኣኮታትካ፣ ሓውቦታትካ፣ ኣሞታትካን ሓትነታትካን ተቐማጦ በልጁም) ፣ መታን መብርሂ ብዛዕባ ኩነታትካ ክህቡ።

ኣብ መወዳእታ፣ CGRS ንጠለብ ዑቕባካ ንምምርማር ናይታ ሃገር ሓበርታ ይጥቀም፣ ማለት ሓበረታ ብዛዕባ ቆልዑትን ትሕቲ ዕድመን ናይታ ሃገር ኢቲኣ።

# ውሳነ ኣብ ሕቶ ጠለብካ ንዑቕባ



ጸሕሪ ቁሩብ ግዜ ናይቲ ቃለ መሕተት ፣ መልሲ ካብ CGRS ክትቅበል ኢካ።አቲ ቀንዲ መልሲ ናብ ሞግዚትካ ክለኣክ እዩ፣ አቲ ጠበቓ ናትካውን ቅዳሕ ይቕበል። ንስካውን ቅዳሕ ናይቲ መልሲ ብደብዳቤ ኣብቲ ዘለካዩ ኣድራሻ ይለኣክ ወይ ውን ብፋክስ ናብቲ መዓስከርካ ይስደድ። አቲ ናይቲ ሓፈሻዊ ኮምሺን መልሲ ምስ ዕድመካን ድሕረባይታካን ብዝሰማማዕ ቋንቋ ይጸሓፍ።

አንተ ደኣ ኣሉታዊ መልሲ ተቀቢልካ፣ አቲ ጠበቓ ነትካ ወይከኣ አቲ ማሕበረዊ ተሓጋገዚካ ክገልጹልካ ይክአሉ ስለምንታይ ኣሉታዊ መልሲ ከም ዝተዋሃበካ።

**ንተወሳኪ ሓበሬታ**

ኣብቲ ፋይል ናትካ ዘለዉ ኩሎም ነጥብታት ኣብ ግምት ድሕሪ ምአታው፣ አቲ ሓፈሻዊ ኮምምሺን ኣወንታዊ መልሲ (መሃብ ዑቕባ) ወይ ወን ኣሉታዊ አልሲ (ምንጽግ ዑቕባ) ክህብ ይክአል። ዝተፈላለየ ዓይነት መልስታት ክህሉ ይከኣል።
ንዝያዳ ኣብዚ ኣንብብ
www.cgrs.be/en/asylum/types-decisions

# ኣሉታዊ: እንተ ጂኣ እቲ CGRS ንጠለብ ሕቶ ዑቕባካ ነጺጉዎ፣ እንታይ ይስዕብ።

እቲ CGRS ነቲ ናይ ስደተኛን ናይ ሰብኣዊ ዑቕባን ጠለብ ንምንጻግ ምስ ዝውስን። እዚ ማለት ከኣ፣ መሰረታዊ ፍርሒን ተጠላብነትን ወይውን ሩኡይ ሓደጋ እንተ ናብ ሃገርካ ተመሊስካ ዘርኢዩ አኩላት ነጥብታት ኣይተረከበን ብምባል ደምዲሙ ኣሎ። CGRS ኣብ ዝህቦ መልሲ ስለምንታይ ናብዚ መደምደምታ ከም ዝበጽሐ የብርህ።

## ይግባይ ኣንጻር ኣሉታዎ መልሲ

እንተ ጂኣ እቲ CGRS ናይ ስደተኛ ደኩን ናይ ሰብኣዊ ዑቕባ ወረቀት ከሊኡካ? ወይ ውን እንተ ሰብኣዊ ዑቕባ ሂቡካ እሞከኣ ከም ስደተኛ ክቕበላካ ጸሊካ? ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፣ **ይግባይ** ክትሓትት ትክእል። እዚ ይግባይ እዚ ኣብ Council for Alien Law Litigation ክከውን ኣሎዎ። እቲ ጠበቃ ናትካን ሞግዚትካን ክሕጉዙካ ይክእሉ። ኣብ አዋን እቲ ናይ ይግባይ መስሪሕ ወይውን ክሳብ 18 ዓመት ትገብር ኣብ በልጁም ክትጽኒሕ መሰል ኣሎካ ። እንተ ጂኣ እቲ ናይ ይግባይ ጠለብ ተነጺጉ፣ 18 ዓመት ምስ ኮንካ ናብ ሃገርካ ትምለስ።

ንተወሰኪ ሓበሬታ

ነቲ ይግባይ ዝበልካዮ ኣንጸር እቲ ኣሉታዊ ውሳነ ናይ CGRS ዝውስን Council for Alien Law Litigation (CALL) እዩ ። ምስቲ ዓይነት መልሲ ዝከይድ ዝተፈላለየ ዓይነት መስሪሕ ናይ ይግባይ ኣሎ። እቲ CALL ምስ ምሉእ መግለጺኡ ውሳነ ይህብ ። ኣብዚ ዝያዳ ኣንብብ [www.cgrs.be/en/international-protection/appeals-procedures](http://www.cgrs.be/en/international-protection/appeals-procedures)

# ኣወንታዊ: ከም ስደተኛ ቅቡል ኮንካ

ውሳነ ንምቅባል ከም ስደተኛ: ብCGRS ከም ስደተኛ ቅቡል ኮንካ ኣሎካ.

## ናይ ስደተኛ ወረቐት እንታይ ሳዕቤን ኣሎዎ?

ኣብ መጀመርታ ን 5 ዓመት መምበሪ ፍቓድ ይወሃበካ። እዚ ፍቓድ ምስ ተዋሃበካ፣ ኣባላት ስድራካ ናይ ስድራቤት ምጥርናፍ ጠለብ ከቕርቡ ይኽእሉ።

ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናይቲ ውሳነ፣ ናይ **ስደተኛ ምስክር ወረቐት** ትቕበል፣ CGRS ነዚ ምስክር ወረቐት ብቐጥታ ክሰደልካ እዩ።

እንተ ደኣ ሲቪላዊ ወረቐት ደሊካ(ከም ንኣብነት ናይ ትውሊዲ ወረቐት), ንዑኡ ንምምግባር ብጹሑፍ ጠለብ ናብ “ናይ ሓገዝ ዲስክ ን ቁቡላት ስደተኛታትን ሃገራልቦም ሰባትን” ናይ CGRS ተቕርብ።ንናይ ስደተኛ ጉዕዞ ፓስፖርት፣ ኣብቲ ትቕመጠሉ ዘሎካ ምምሕዳር ክድካ ትሓትት፣ እንተ ኮነ ከም ቅቡል ስደተኛ ናብ መበቆል ሃገርካ ክትጎዓዝ ኣይፍቀድን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ

ናይ በልጁም ሕግታት ን ቅቡል ስደተኛ ይምልከቶ እዩ። ሓደ ዓይነት ሕግታት ትክተል ልክዕ ከም በልጂማዊ ዜጋ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ መሰላትካ፣ ጉቦኣትካን ከምኡውን ን አትረክቦም ዓይነት ወረቓቕቲ ካብ CGRS ክም ሓደ ቅቡል ስደተኛ፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ተወከስ።

www.cgrs.be/en/international-protection/refugee-status

www.cgrs.be/en/documents

# ኣወንታዊ፡ ናይ ሰብ ኣዊ ዑቕባ ተዋሂቡካ

ከም ስደተኛ ተነጺግካ ግን ከኣ ሰብኣዊ ዑቕባ ምርካብ ማለት፣ ኣኩል ነጥብታት ኣይተረኽበን ከም ስደተኛ መታን ቅቡል ክትከወን እንተ ኮን ኣብዚ እዋን እዚ ናብ መበቖል ሃገርካ እንተ ተመሊስካ ሩኡይ ዝኮነ ሓደጋ ኣብ ሊዕለካ ክወርድ ስለዝክእል እዩ።

## እንታይ ሳዕቤን ኣሎዎ ሰብኣዊ ዑቕባ?

ኣብ መጀመርታ ናይ ሓደ ዓመት መምበሪ ፍቓድ ትወሃብ፣ ክትሕድሶ ይከኣል እዩ ከምኡውን ንኣባላት ስድራቤትካ ናይ ስድራቤት ምጥርናፍ ጠለብ ክትሓትት ትክእል።

ንሓደ ሰብኣዊ ዑቕባ ዝተዋሃቦ ሰብ CGRS ሲቪላዊ ወረቓቕቲ ኣይህብን እዩ፣ እዚ ማለት ከኣ እንተ ደኣ ክትገይሽ ደሊካ ናይ ሃገርካ ፓስፖርት ክትጥቀም ኣሎካ።

**ንተወሳኺ ሓበሬታ**

ንተጠቀምቲ ሰብኣዊ ዑቕባ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑት ገለ ሕግታት ናይ መበቖል ሃገርም ይምልከቶም እዩ። ንኣብነት ሕጋውነት ናይ መርዓ፣ ሕጊ ናይ ሕጋዊ ቡዙሕነት። ንዝያዳ ሓበረታ ኣብ ዝስዕብ ተወከስ። [www.cgrs.be/en/international-protection/subsidiary-protection-status](www.cgrs.be/en/international-protection/subsidiary-protection-status)

አዚ ክዝክር ኣሎኒ!

.......................................................................................................

.......................................................................................................

.......................................................................................................

.......................................................................................................

.......................................................................................................

.......................................................................................................

.......................................................................................................

.......................................................................................................

.......................................................................................................

.......................................................................................................



# መራኸቢ

**COMMISSIONER GENERAL FOR REFUGEES AND STATELESS PERSONS**

WTC II

Boulevard du Roi Albert II, n° 26A

1000 BRUSSELS

Tel +32 (0)2 205 51 11

Fax +32 (0)2 205 51 15

E-mail: cgvs.info@ibz.fgov.be

Website: www.cgrs.be

## ክፍሊ ትሕቲ ዕድመ ኣብ CGVRS

CGRS ኣወሃሃዲ ንትሕቲ ዕድመ ኣሎው፡፡ኣቲ ኣወሃሃዲ ኩሉ ኣቲ ምስ ጠለብ ዑቕባ ናይ ሓደ መሰነይታ ዘይብሎ ትሕቲ ዕድመ ወጻአተኛ ቆልዓ ዝተኣሳስሩ ነገራት ይፈሊጥ እዩ፡፡ ንሱ ነቲ ጉዳይ ብቐረባ ክከታተሎ እዩ፡፡ አቶም ሞግዚት አንተ ደኣ ዝኮነ ሕቶ ወይ ትዕዚብቲ ብዛዕባ አቲ መስርሕ ዑቕባ ሃሊዩዎም ኮይኑ ምስቲ ኣወሃሃዲ ንትሕቲ ዕድመ ክራከቡ ይከአሉ፡፡

E-mail: CGRA-CGVS.Mineurs@ibz.fgov.be

Tel +32 (0)2 205 53 06

Fax +32 (0)2 205 50 05

ከም ናጻን ማእከላዊ ናይ ዑቕባ ትካል መጠን፣ CGRS መዓልታዊ ምስ ብዙሓት ኣህጉራውያን መሻሩክቱ ከም ናይ በልጁምን ኣውሮፓዊ ሕብርትን ይራከብ፡፡

ንዝያድ ንባብ www.cgrs.be/en/partners

ዝያዳ ንምፍላጥ ብዛዕባ CGRS?

ናብ መርበብ ሓበረታና ኪዱ:
**www.cgrs.be**



Commissioner General for Refugees and Stateless Persons

WTC II, Boulevard du Roi Albert II, n° 26A, 1000 BRUSSELS

cgvs.info@ibz.fgov.be
www.cgrs.be

T +32 2 205 51 11
F +32 2 205 51 15

Towards a more integrated migration policy, made possible by the AMIF